# ኣቶ ስየ ጠለመዶ ወይስ ተጠለመ?

*“ ጉዳየ ምስ ግዕዝይና ምንም ዘተሓሕዝ የብሉን: ጉዳየ ፖለቲካዊ እዩ: ኣብ ቀይዲ ዘለኹ ኣሰርተይ ሓይሊ ስለዘለዎም ጥራይ እዩ። ንሳቶም ኣብ ቤት ማእሰርቲ ክፀንሕ እዮም ዝደልዩ:: ነፃ እንተወፂአ ሕገመንግስተይ ብዘፍቅደለይ መሰረት ክዛረብን ክፅሕፍን እየ: መሰለይ ተጠቒመ ክእከብን ክውደብን እየ: ንሓድነት ሃገረይ ድማ ክሰርሕ እየ:: ኣነ ናይ ፖለቲካ ሰብ እየ: ነፃ እነተወፂአ ድማ መሰለይ ግበራዊ ክገብር እየ: ሃገረይ ድማ ንሱ እያ ትደሊ: ሃገረይ ምርድዳእን ዕርቒን ትደሊ: ነፃ ምስ ዝወፅእ ድማ ንሱ እየ ዝሰርሕ: ንርብዒ ዘበን ዝተቓለስኩ ድማ ነዚ እዩ ነይሩ:: ኣሰርተይ፣ብርግፀኛነት እዚ ከይገብረ እዮም ዝኸልኩሉኒ ዘለው:: ፀገም ኣሰርተይ፣ ፀገም ፖሊስን ቤት ፍርድን ክኸውን ኣኢግባእን: ሃገር ንዜጋታታ ፍርዲ ክትህብ ይግባእ:: “ (ስየ ኣብርሃ-1993)*

ከልቢን መዓልትን ከይፀዋዕኻዮም ይመፁ ከምዝበሃል፣ እንሆ ድማ ማ/ኮሚቴ ህወሓት ኣብ ክልተ ተሰንጢቑ ምስ ተገምዐ ስየን ካልኦትን ናብቲ ኣሰቃቒ ቤት ማእስርቲ ካብ ዝወርዱን ብሰንኪ እቲ ኣብ ህወሓት ዘጋጠመ ምግምማዕን፣ ንሱ ዘምፅኦ ሳዕቤንን ድማ ኣብ መላእ ሃገር ቅልውላው ፈጢሩ ብፍላይ ድማ ኣብ ህዝቢ ትግራይ ኣጠቓላሊ ድውታ ፈጢሩ ኣደዳ ናይ ውሽጥን ናይ ወፃኢን ፀላእቲ ካብ ዝኸውን ሻድሻይ ዓመቱ ይኾኖ ኣሎ:: ከምኡ ውን ሕገ መንግስቲ ሃገር ተጣሒሱ ዜጋታት ብዘይ ፍርዲ ክእሰሩ በቒዖም እዮም::

ኣብ ሃገርና ኢትዮጵያ ብስእነት ፍትሕን ነፃነትን ዝሳቐዩን ብዘይፍርዲ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ሂወቶም ዝደፍኡ ዘለው ዜጋታት ብዙሓት እዮም:: ካብቶም ግዳያት ስእነት ፍትሒ ዝኾኑ ሓደ ኸኣ ኣቶ ስየ ኣብርሃ እዩ:: ኣቶ ስየ ከም መርኣያን ብዝነበሮ ሓላፍነትን ድኣ ከም መግለጺ ንጠቐመሎም እምበር፣ ኣሰሮምን ኣሰር ካልኦትን ተኸቲሎም ናብ ቤት ማእስርቲ ዝወረዱን ካብ ስርሖምን ሓላፍነቶምን ከምኡ ውን ካብታ ብልቢ ዝፈትውዋን ሂወቶም ኣካሎምን ዝለገሱላ ውድቦም ህወሓትን ዓዶምን ዝተባረሩ ንስደት ዘምርሑን ኣማኢት እዮም::

ኣቶ ስየ ከብቶም ኣብ ዕሽል ዕድሚኦም ፍትሒን ነፃነትን ከናድዩ ሽምዓ ናይ ሓርነት ክውልዑ ናብ በረኻታት ደደቢት ቅድሚ 33 ዓመት ዝወፈሩ ሓርበኛታት ሓደ እዩ:: ኣቶ ስየ ካብ ተራ ተጋዳላይ ጀሚሩ ክሳብ እቲ ዝላዓለ ናይ ውድብን መንግስቲን ሓላፍነታት ብብቕዓትን ብጅግንነትን ዝመርሐን ዝተመርሕን ሓርበኛን ጅግና ምልምል ኢትዮጵያዊን ከምዝነበረ ፈተውቱ ጥራይ ዘይኮኑስ እንኮላይ ፀላእቱ ዝፈልጥዎ ፀሓይ ዝወቕዖ ሓቂ እዩ::ቀነዲ መለለይ ኣቶ ስየ ድማ ሓያል ብሂራዊነትን ሓገራዊነትን ከም ዝኾነ ብቕረባ ዝፈልጥዎ መታዕቢቱን መቓልስቱን ይምስክሩሉ::

ኣቶ ስየ፣ ኣብታ ንብዓል ኣባ በዝብዝ ካሳ(ሃፀይ ዮውሃንስ)፣ ኣሉላ ኣባ ነጋን ጅነራል ሓየሎምን (ፈንቅል) ስባጋዲስ ወልዱ ወሊዳ ዘዕበየት ትግራይ ዝተፈጠረ ስለዝኾነ፣ ንህዝባዊ ስራዊት ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ መሪሖምን ኣልዮምን ንስርዓት ድርግ ሓንሳብን ንሓዋሩን ስዒሮም ኣዲስ ኣበባ ካብ ዝኣተው ብሉፃት መራሕቲ ህወሓት ሓደ ምዃኑ ተጋደልቲ ህወሓትን ህዝቢ ኢትዮጵያን ብቐረባ ይምስክርሉ::

ኣቶ ስየ ድሕሪ ውድቀት ደርግ ነታ መበገሲ ቃልሲ ህዝቢ ኢትዮጵያን ምልክት ፅንዓትን፣ ብኹናት ዝዓነወትን ትግራይናን፣ ዳግም ንምህናፅ ነቲ ኣብ ወታሃደራዊ ኣመራርሓ ዘርኣዮ ብቕዓት ኣብ ኢኮኖሚያዊ ልምዓት ንምድጋምን ከምኡ ውን ብኢኮኖሚ ዝበልፀገት ትግራይ ንምርኣይ ካብ ዝነበሮ ባህጊ ተበጊሱ፣ ነቲ ሎሚ ኣንፈት ጠፊእዎ ዕንክሊል ዝብል ዘሎ ትካል እግሪ ምትካል ትግራይ/ትእምት) ንምምራሕ ናብ ትግራይ ገፁ ዝግበረ፣ንፁር ራኢ ዝነበሮ መራሒ እዩ:: ንትእምት ብግባእ መሪሑ ድማ ኣብ ትግራይ ብሩህ ዝኾነ ኢኮኖሚያዊ ለውጢ ከርኢ በቒዑ ነይሩ እዩ::

ዘራጊ ከሎ ፅሩይ ማይ ኣይስተን ከም ዝበሃል ትግራይ ዓዲ ሰላም፣ ዓዲ ለውጢ ምኳን ምስ ጀመረት በቶም ንፅቡቕና ዘይምነዩ ጎረቤትና ኤርትራ ወራር ምስ ተኣወጀልና ድማ እቲ ኣብ ኢኮኖሚያዊ ኣመራርሓ ተፀሚዱ ዝነበረ ስየ፣ ኣብ ልዕሊ ኢትዮጵያ ንዝተኣወጀ ወራር ንምቕልባስን ከምኡ ውን ሓንሳብን ንሓዋሩን ስርዓት ኢሳያስ ኣፈወርቂ ንምድምሳስ፣ ንምክልኻል ሓይልታት ኢትዮጵያ ንምምራሕን ንምትሕብባርን፣ ካብቶም ነቲ ኩናት ብዝላዓለ ደረጃ ዝመርሑ ናይ መንግሰቲ መራሕቲ  ሓደ ኮይኑ ተመዘዘ::

ፅፈት ዘለዎ ስራሕ ምስራሕ ዝልማዱ ኣቶ ስየ ድማ፣ ንሰራዊት ኢትዮጵያ ዘድልዮ ሳይነሳዊ ኣመራርሓ ኣብ ምሃብን ብዓብይኡ ድማ ነቲ ወራር ብዘተኣማምን ፀብለልነት ብዘለዎ መንገዲ ንምስዓር ዘኽእል ስትራተጃካዊ ኣፅዋርን ቀረብን ኣብ ምቕራብ፣ ሰራዊት ኤርትራ ስዕረት ዝከናበተሉ እስትራተጂን ስልቲን ብምቕያስን ብዝላዓለ ደረጃ ካብ ዝተዋፈሩ ሓደ ኣቶ ስየ ምንባሩ እቲ ስራሕ ባዕሉ ተዛሪቡ እዩ:: ኣብዚ ድማ የዒስኣቦ ዘብል ስራሕ ከምዝተሰርሐ ህዝቢ ኢትዮጵያዊስ ይትርፍ ሕብረተሰብ ዓለም ውን ዝመስከረሉ እዩ::

ብናይ ኣቶ ስየን ካልኦት ጀጋኑ ኣባላት ምክልኻል ሓይልታት ኢትዮጵያን፣ ከምኡ ውን በቲ ንዓለም ዘደነቐ ኩለ መዳያዊ ተሳተፎ ህዝቢ ኢትዮጵያን፣ እቲ ብትዕቢት መሬት ኢትዮጵያ  ዝወረረ ደመኛ ፀላኢና ብዘሕፍር መንገዲ ተሳዒሩ ካብ መሬትና ተሓግሒጉ ወፀ፣ ዓወት ህዝቢ ኢትዮጵያ ድማ ጋህዲ ኮነ፣ ኣቶ ስየ ኣብርሃ ውን ከም ሃገሩ ናይ ልቡ ገይሩ ብዓወት ተመለሰ::

ድሕሪ እቲ መስተንክራዊን ጅግንነታዊን ዓወት ድኣ እንታይ ተፈጥረ? መብዛሕትኦም ኣባላት ማ/ኮሚቴ ህወሓትን ኣባላትን እቲ ውድብን ከምዝኣምንሉን ዝተዓዘብዎን ነገር ዝንተሃለወ፣ ድሕሪ ውድቀት ደርግ ማ/ኮ ህወሓት ኣብ ሃገራዊን ዘይሃገራዊን ጉዳያት ከምኡ ውን ውሽጣዊ ጉዳይ እቲ ውድብን ቀስ ብቐስ ፈኺም እንዳበለ ዝመፀ ኣፈላላይ ከምዝነበሮም ይእመን:: ነዚ ሓደ መዓልቲ ምትኳሱ ዘይተርፎ ግን ድማ ዘገምታዊ ምዕባለ ዘርኢ ዝነበረ ኣፈላላይን ጎነፅን ምስ ወራር ኤርትራ ተትሓሒዙ ብዝኸፍአ መልክዑ ከም ዕዳጋ ዕግርግር ንምእላዩ ብዘፀግም መልክዑ ናብ መድረኽ ወፀ:: ኩሉ ነገር ድማ ንናይ ውሽጢን ናይ ደገን ፀላእቲ

ዕድል ብዝህብ መንገዲ ተበላሸው:: ዳኛን መሰካሪን ኣብ ዘይብሉ መድረኽ ድማ ከሳሲን ተኸሳሲን ተፈጠሩ::

ማእከላይ ኮሚቴ ህወሓት ከም ሕብሽቲ ኣብ ክልተ ምስ ተገምዐ ናይ ውሽጢን ናይ ደገን ፀላእቲ ህዝቢ ትግራይ ዳንኬረኦም ዘቢጦም እዮም:: ንኣብነት ጎደናታት ኣሰመራ ብፌስታ ተጫናኒቖም፣ ዊሰኪታት ተቀዲሖም፣ ኬክ ተቖሪሱ፣ በቢ ከባቢኡ ውን ጓይላ ተተኺሉ: ኮታስ እንታይ ዘይተገብረ:: ኣብ ውሽጢ ሃገር ውን እቲ ትማሊ ጎብለል ናይ ሓርነት ተባሂሉ ኣብ መላእ ኢትዮጵያ ተኸቢሩ ዝነብር ዝነበረ ህወሓት፣ በቲ ዝተኸበረሉ መጠን ድማ ክዋረድን ክሓስርን ጀመረ:: ትግራዋይ ልክዕ ከምቲ ብግዜ ቀዳማይ ወያነ ብሰራዊት ሃይለስላሴን ብደብዳበ ነፈርቲ እንግሊዝን ምስ ተሳዕረ ደኒኑ ዝቖዘሞ፣ ሎሚ ውን ንኻልኣይ ግዜ ደኒኑ ባይታ እናጠፍጠፈ ቆዚሙ እዩ:: ተቓሊሱ ብሰላም ክነብረላ ዝምነ ዝነበረ ብዙሕ ተቓላሳይ ውን በሉ ይግፋሕኹም ኢሉ ናብ ስደት ዘምረሐ ቁፅሩ ውሑድ ኣይኮነን:: ኣብ ኣጋ እርጋንካን ድኻምካን ክትስሰደድ ድማ እቲ ዝኸፍአ ናይ ስደት መግለፂ እዩ::

ምፍልላይ ማ/ኮ ህወሓት ናይ ውሽጢ ገዛና ፀገም እዩ ኣብ ዝሓፀረ ግዜ ድማ ክፍታሕ እዩ ኢሉ ተስፋ ገይሩ ዝነበረ ህዝቢ ትግራይ፣ እቲ ፀገም ግን እናገደደ ከደ:: እቶም ንክልተ ብትዕቢት ዝሓበጡ ስርዓታት መንግስቱን ኢሳያስን ዝሳዓሩ ስየ ኣብረሃን ቢቶው በላይን ብናይ ውሽጢ ሓርበኛታት ኢድምን እግሮም ብሰንሰለት ተኣሲሮም ናብ ማእከላዊ (ኣለም በቃኝ) ክወርዱ ከለው ዝረኣየ ወዲ ኣደም ካብ ምግራም ሓሊፉ ርእሱ ሒዙ እዩ ኢዶእ ብምባል ዝተገረመ:: ለካስ ትግራዋይስ ብትግራዋይ እዩ ዝጠፍእ ድማ በለ::

ኣቶ ስየን ኣቶ ቢቶውን ንምንታይ ተኣሲሮም? ንዝብል ሕቶ ካብ መብዛሕትኡ ሰብ እትረኽቦ መልሲ ተመሳሳላይ ኮይኑ ኢኻ ትረኽቦ:: ንሱ ድማ ከምቲ መንግስቲ ዝብሎ ብግዕዝይና ዘይኮነስ፣ ብሕቶ ልኡላዊነት ዝተላዕለ ኣብ ከቢድ ባእስን ቅርሕንትን ኣትዮም ከም ዝነበሩ ናይ ኣደባባይ ምሽጥር እዩ:: ብፍላይ ኣቶ ስየ "ልኡላዊነት ሃገርናን ሓድነት ህዝቢ ኢትዮጵያን ክሕሎ ይግባእ፣ስለዝኾነ ድማ ነቲ ንሓድነትናን ንልኡላዊነትናን ጠንቂ ዝኾነ መንግስቲ ሻዕቢያ ሓንሳብን ንሓዋሩን ክድምሰስ ኣለዎ" ዝብል ብጣዕሚ ተሪር ዝኾነ መርገፂ ከምዝነበሮ ናይ ውሽጢ ፈለጥቲ ይዛረቡ እዮም::

ካብያ ጉዒይ ምውዓልስ ክሳድ ምሓዝ ከም ዝበሃል፣ ምስ ኣቶ ስየ ብዛዓባ ልኡላዊነትን፣ ኢትዮጵያዊነትን ተኻቲዕኻ ምስዓር ስለዘይከኣል ናይ ግድን ንኣቶ ስየ ዝኸውን መፃወድያ ክድለ ነይርዎ:: ንሱ ድማ ብሽም ግዕዝይና ንሱን ቤተሰቡን ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ምእታው እዩ ነይሩ:: ነዚ ስልጣንካ ብምጥቃም ቤተሰብካ ጠቒምካ ኢኻ ዝብል ናይ ፈጠራ ክሲ ህያው ንምግባር ድማ ዘይተፈንቀለ እምኒን ዘይተፀወዐ ምስክርን ኣይነበረን:: ነቲ ብግዜ ደርግ ድከቱ ዝረአየ ቤተሰብ ኣቶ ስየ ድማ ዳግም ከምዘየትስእ ገይርካ ምድኻም ንብረቶም ብምውራስን ብጃምላ ተኣሰረ፣ ካብ ሕ/ሰብ ትግራይ ነፂልካ ንምድኻሞም ድማ ዘመቹ ተኻየደ:: ካብቶም ንክትሰምዖም ኣፀየፍቲን ኣነወርትን ዝኾኑ ኣንፃር ቤተሰብ ኣቶ ስየ ዝተኻየዱ ፕረፖጋንዳ ንምጥቃስ፣

ኣቶ ስዩ ኣብ መረበቶም የሓ ኣብ ዝተባህለ መንደር፣ ኣብ ዓለምና ቀረቡ ክዋዳደር ዝኽእል ቪላ ብዘበናዊ መልክዕ ዝተሰርሐ መሐመሲ ቃላይ፣ ዝተፋላለዩ መስመራት ቴሌቪዥን ዝስሕብ ሻኽላ ወይ ከዓ ዲሽ፣ ብናይ ፀሓይ ሓይልን ብጀነረተርን ዝሰርሕ ናይ ፀዓት ሓይሊ(መበራህቲ)፣ ከምኡ ውን ብርክት ዝበሉ ናይ ገዛ ሰራሕተኛታት(መገልገልቲ) ዘጣቓለለ ዘበናዊ ቪላ ከምዝሰርሐን ብተወሳኺ፣ኣቶ ስዩ ናብ የሓ ክኸይድ ከሎ ብመኪና ዘይኮስ ብሄሊኮፕተር እዩ: መዕረፊ ሄሊኮፕትር ውን ተሰሪሕሉ እዩ ወዘተ...... ተባሂሉ እዩ:: እዚ ድማ ኣብቲ ኣበየ ከባቢኡን ዝተገብረ ኮንፈረሳትን ጉባኤታትን፣ ብድምፂ ወያነ ትግራይን ብጋዜጣ ወይንን ከም ዝተገለፀ ናይ ትማሊ ትዝታ እዩ::

ካልእ ኣቶ ስዩ ኣብ እዋን ኢትዮ-ኤርትራ ኲናት ጠቅላላ ናይ ኣፅዋር ዕደጋ ይገብር ሰለዝነበር በኮሚሽን መልክዕ ኣማኢት ሚልዮን ዶላር ገንዘብ ኣብ ወፃኢ ማለት ኣብ ምዕራብ ኣውሮጳን ኣመሪካን ኣቐሚጡ እዩ ዝብል ብገፊሑ ተዘሪቡሉ እዩ:: ከምኡ ውን መተዓጋገሲ እንተተረኺበ ያኢ ተባሂሉ ብላዕለወት ሰበስልጣን ድህንነት ኢትዮጵያ ኣብ ወፃኢ ኣቶ ስዩ ዘቐመጦ ገንዘብ ንምርካብ ላዕል ታሕትን ተባሂሉ እዩ:: ግን ድማ ጨና ማይ ኮይኑ ተሪፉ::

ንኣቶ ስዩ ካብ ኣባላት ህወሓትን ህዝቢ ትግራይን ከምኡ ውን ካብ ካልኦት ኢትዮጵያዊያንን ነፂልካ ንምቕዕን ኣብ ልዕሊኡ ካብ ዝተገብሩ ናይ ምፅላም ዘመቻ ውሕዳት ምጥቃስ ይከኣል:: ንኣብነት፣

- ስዩ ብመስፍናዊ ትዕቢት ክትኮስ ዝበለ ፊውዳል እዩ:
- ስዩ ዝወፃሉ ፀቢብ ብሄርተኛን ጎጠኛን እዩ: ሃጥ እንተበለ ካብ ተምቤን ትግራይን ወፃኢ ዘይሓስብ ትዕቢተኛ እዩ:
- ስዩ ብዘይካ ንሱ ካልእ ጅግና ዘሎ ዘይመስሎ ብተግባር ግን ምንም ዘይብሉ ወዲኒ እዩ:
- ስዩ ኣብ ሓይሊ ክርስቲያን ጥራይ ዝኣምን ዱሑር መስፍን ወዲ መስፍን እዩ:
- ስዩ ንባዕሉ ናብ ሃገራዊ ብርዥዋ ወይ ገዛኢ ደርቢ ክቕየር ዝደሊን ዝወፃሉ ዕላዊ ሰራቒን ፅግዕተኛ ናይ ወፃኢ ሓይሊን እዩ:
- ስዩ ካብቶም ኣብ ህወሓት ፀረ ዲሞክራሲን ግዕዝይናን ክነግስ ዝገበሩን ውልቀሰባት ሓደ እዩ:
- ስዩ ንናይ ባዕሉ ዘርኢ ሓፍ ኣቢሉ ዝርኢ ንኻልኦት ብሄረሰባት ድማ ዝቕ ኣቢሉ ዝርኢ ዘርኣኛን ፀቢብ ብሄረተኛን እዩ::( ኣዲሱ ለገሰ)
- ስዩ ንህላዊነት ኣባላት ኢህወደግ እኾና ውድባት ዘይኣምንን ንሳተን ናብ ቅድሚት ንኸይመፅኣ ዝቃለስ፣ ስልጣን ንባዕሉ ብሒቱ ናይ ኢትዮጵያ ጅግና ተባሂሉ ክፅዋዕ ዝደሊ ዝወፃሉ ህንጡይ እዩ:: ወዘተ ተባሂሉ፣ ንሱን ስድራቤቱን ካብ ሕብረተሰብ ትግራይን ኢትዮጵያን ንምንፃል ንልዕሊ ክልተ ዓመት ሰፊሕ ፕሮፖጋንዳ ከም ዝተኻየደሉ ንኹሉ ዓይንን እዝንን ዘለዎ ስብ ግልፂ እዩ::

ነዚ ሰፊሕን ዝተወሃህደን ፀረ ኣቶ ስየን ቤተሰቡን ፕሮፖጋንዳ ግንባር ቀደም ኮይነን ዘቃለሓ መራኸቢ ብዙሓት ድማ እተን ትማሊ ልሳን ህዝቢ ትግራይን ውድብን ኮይነን ፀላእትና ኣብ ምስዓር ዓብይ ግደ ዝተፃወታ ድምፂ ወያነ ትግራይን ጋዜጣ ወይንን እየን:: ነዚ ንኣቶ ስየን ቤተሰብን ዝዘልፍን ኣብ ሕብረተሰብና ሞራል ኣልቦ ዝኾኑ ፀርፍታት ዝሰምዐ ህዝቢ ትግራይ *"ነቲ መስደመምስ መጸመም"* ኢሉ እዩ ሱቕ ዝበለ::

እሞኸ ተጋሩ ንማእሰርቲ ኣቶ ስየን ካልኦትን ዝሃብዎ ምላሽ እንታይ እዩ? ብዘይካ እቶም ምስ ኣቶ ስየ ናይ ውልቀ ቅርሕንቲ ዘለዎም ውልቀሰባትን ከምኡ ውን ብኣውራጃን ቁሸትን ዝኣምኑ የውሃት ገዲፍካ፣ መብዛሕትኡ ትግራዋይ ማእሰርቲ ኣቶ ስየ ፍትሓዊ ከም ዘይኮነ ይኣምን እዩ:: ምእማን ጥራይ ግን እኹል ኣይኮነን:: ሓደ ዜጋ ብዘይ ፍትሒን ርትዒን ኣብ ቤት ማእሰርቲ ክብስብስ ከሎ፣ ኣይፋል ክብልን ተቓውምኡ ናብ ግልፂ መድረኽ ኣምፂኡ ዜግነታዊ ሓላፍነቱ ክዋፃእ ይግባእ ነይሩ ግን ኣይገበረን፣ ንምንታይ?::

ኣቶ ስየ ህዝቢ ትግራይ ክብደል ከሎ እነታይ ኣእተወኒ ኢሉ ኣብ ማሙኞ ገዝኡ ኮፍ ኣይበለን:: እኳድኣስ ብኣንፃሩ ህዝቢ ትግራይ ኣብ ሃገሩ ማዕረ ድምፂ ክህልዎ ዝተቓለሰንን ማሕበረ ኢኮኖሚያዊ ናብራ ህዝቢ ትግራይን ኢትዮጵያን ክመሓየሽ ዝተቓለስን መስዋእቲ ዝኸፈለን ዜጋ እዩ::

ትግራዋይ ንልዕሊ 17 ዓመት ብረታዊ ቃልሲ ከካይድ ከሎ፣ ነብሲ ወከፍ ቤተሰብ ካብ ክልተ ንላዕሊ ውላዱ ኣገቢሩ፣ ንብረቱን ጥሪቱን ዓንዩን ባዲሙን፣ ኮታስ ወለዶ ሙሉእ በሪሱን ዓብይ ማሕበራዊ ሂወት ምዝንባል ኣጋጢሙ እንተተባህለ ምግናን ኣይኸውንን: ስለምንታይ እዚ ኩሉ ናይ ሂወትን ንብረትን መሰዋእቲ ክኸፈል ተገይሩ? ምልሱ ሓደን ሓድን ጥራይ እዩ፡ "ዜጋታት መሰሎምን ክብሮምን ተሓልዩሎም ዝነብሩላ ሃገር ንምስራትን እዩ"::

እቲ ትማሊ ንሂወቱ ከይሰሰዐ ፈንጂ እናረገፀ ናብ ድፋዕ ፀላኢ ዝኣቱ ዝነበረ፣ እቲ ትማሊ ምእንተ ሓቂን ፍትሒን ኣካሉ ዝጎደለን ክቡር መስዋእቲ ዝኸፈለን፣ ሎሚ እናረአየ ከምዘይረአየ፣ እናሰምዐ ከምዘይሰምዐ ንግዝያዊ ጥቕሚ ርእሱ ኣደኒኑ ክነብር ከሎ ክትርኢ ከለኻ፣ ንሕና ተጋሩ ክሳብ ክንደየናይ ኣደርባያት ምኳና እዩ ዘርኢ:: ከምቲ ደገፍቲ ኣሰርቲ ኣቶ ስየ ዝብልዎ ስየ ዘይኮነ ንህዝቢ ትግራይን ህወሓትን ዝጠለመስ፣ ንሕና ኢና ብብርሃን መዓልቲ ተጠሊዕና ጠሊምናዮ::

ስለዚ ተጋሩ ሓቢሮም ይታኾሱ እምበር ሓቢሮም ኣይበልዑን ዝብል ናይ ፀላእትና ኣበሃህላ ሓቅነት ከም ዘለዎ ትርዳእ:: ጉዳይ ኣቶ ስየ ምስ እንዕዘብ ድማ ፍትሒ ጨና ማይ ኮይኑ ኣሎ፡ ሎሚ ዳኛ ሓሚሙ እንታይዶስ ከመይዶስ እናበልካ ንልዕሊ ዒስራ ግዜ ቆፀሮ ምስራዝ እንታይ ክበሃል ይከኣል? ትማሊ ዘርኢ ንምጥፋእን ሕገመንግስቲ ብሓይሊ ንምቕያርን ተላዒሎም፡ህዝቢ ብዘይፍቓድ ክስለፍን ክዕምፅን ብምግባር በኣማኢት ዝቑፀሩ ንፁሃት ዜጋታት ንሞት ዝዳረጉ መራሕቲ ቀንጅት ጉዳዮም እናተርኣየ፣ ጉዳይ ኣቶ ስየ ግን ኣብ ዐፁው ማዕፆ ኣትዩ ይርከብ ኣሎ::

ጉዳይ መራሕቲ ቅንጅት ብትኽክለኛን ግልፂን መንገዲ ዝኸየድ ዘሎ መንግስቲን ናይ ፍትሒ ኣካላቱን ስለዝደለይዎ ኣይኮነን፡ እንታይድኣ? ኣብ መላእ ሃገርን ወፃኢን ዝርከቡ ደገፍቶምን ደቂ ዓዱምን ብዘይ ምሕላል ስለዝተቓለስሎምን ንመንግስቲ ፀቕጢ ሰለዝፈጠሩ፣ ንናይ ወፃኢ ኢመባሲታትን ሃገራትን ኣቤቱታ ስለዘስምዑን እዩ:: ስለዚ ንሕና ተጋሩ ዝረአየናን እናኣምነሉን ድምፅና ከፍ ኣቢልና ዘይነዛረበሉ ምኽንያት እንታይ ኣሎ? ወይስ እቲ መግለፂ መንነት ተጋሩ ተባሂሉ ዝግለፅ ኣብ ጎድኒ ወገንካ ጠጠው ዘይምባል ባህሊ ሓኒቑ ስለዝሓዘና እዩ?::ካብዚ ዝኣመሰለ ፃዕዳ ጥልመት ከ

ሎሚ ኣንፃር ውሕዳት ፅባሕ ኣንፃር ብዙሓት ክይክውን እቲ ነገር ብጋንኡ እንተሓሰብናሉ ይሓይሽ::

ፍትሒ ንኣቶ ስየ ኣብርሃን ካልኦትን!!!!

ደ/በ